HM Government

Grenfell community updates

# Grenfell Tower community update: February 2026 - Tigrinya / ትግርኛ

**ናይ ግረንፈል ታወር (Grenfell Tower) ናይ ማሕበረሰብ ሓበሬታ፡- ፌብሩዋሪ 2026**

ግረንፈል ታወር (Grenfell Tower) ነቶም በቲ ሓደጋ ኣዝዮም ዝተሃሰዩ ዓሚቕ ውልቃዊ ትርጉም ከም ዘለዎን እታ መሬት ንስድራቤታት ቅዱስ ምዃናን ንፈልጥ ኢና።

ነቲ ግምቢ ብጥንቃቐ ንምውራድ እንሰርሖ ስራሕ ክንሕብረኩም ንደሊ። ኣብዚ እዋናዊ ሓበሬታ ብዛዕባ ዝስዕቡ ዚያዳ ክትፈልጡ ትኽእሉ ኢኹም:

- **ምውራድ ክሬን**
- **ግረንፈል (Grenfell) ልቢ ባነራት**
- **ናይ ግምቢ መብራህቲ**
- **ምክትታል ሓበሬታ ብዛዕባ ኣቦራ፣ ምንቅጥቃጥን ዝርብሽ ድምጽን**
- **ናይ ጥዕናን ድሕንነትን ድጋፍ**
- **ከመይ ጌርካ ምሳና ትዛረብን ተወሳኺ ሓበሬታ ትረክብን።**

ናይ ቅድሚ ሕጂ ሓበሬታ ኣብዚ ክትሪእዎ ትኽእሉ ኢኹም: [www.gov.uk/grenfell-community-updates](www.gov.uk/grenfell-community-updates)

## ምውራድ ክሬን

እቲ ዝሓለፈ ሓጋይ ኣብ ቦታ ግረንፈል ታወር (Grenfell Tower) ዝተተኽለ ክሬን፣ ኩነታት ኣየር እንተፈቒዱ ኣብ ፍርቂ ተርም ትምህርቲ ኣብ ለካቲት ክወርድ እዩ።

## ግረንፈል (Grenfell) ልቢ ባነራት

ግምቢ ግረንፈል (Grenfell Tower) ብጥንቃቐ ንምውራድ ዝግበር ስራሕ እናሰጎመ ምስ ከደ፣ ነተን ባነራት ካብቲ ግምቢ ኣውሪድናየን ኣለና።

## ናይ ግምቢ መብራህቲ

እቲ ግምቢ ብጥንቃቐ ኣብ ዝወረደሉ እዋን ዝርአ መዘኻኸሪ ክህሉ ኣገዳሲ ምዃኑ ሰሚዕና ኣለና። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ኩርናዕ ናይቲ ግምቢ ኩሉግዜ ምሸት፣ ካብ ሰዓት 5 ክሳብ ሰዓት 11 ጨራታት ብርሃን ንላዕሊ ንኽበርህ መብራህቲ ተኺልና ኣለና። ኣብ ልዕሊ ባነራት ልቢ ግረንፈል (Grenfell) ዝበርህ መብራህቲ ጽልግልግ ምስበለ ጀሚሩ ክሳብ ሰዓት 11 ምሸት ኣብ ነፍሲ ወከፍ ለይቲ ክበርህ እዩ።

## ምክትታል ሓበሬታ ብዛዕባ ኣቦራ፣ ምንቅጥቃጥን ዝርብሽ ድምጽን

መንግስቲ ኣብ ቦታ ግረንፈል ታወር (Grenfell Tower) ኩሉ ስራሕቲ ብዝለዓለ ደረጃ ክፍፀም ቃል ኣትዩ ኣሎ። ጥዕናን ድሕነትን ሕብረተሰብን ኣብቲ ቦታ ዝሰርሑ ሰባትን ቀዳምነትና ኮይኑ ይቕጽል ኣሎ። ኣብቲ ቦታ ብዛዕባ ኣቦራ፡ ምንቅጥቃጥን ዝርብሽ ድምጽን ቀጥታዊ መረዳእታ ዝእክቡ ሞኒተራት ኣለዉ። እቲ ዳታ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ወርሒ ይሕተም። እዋናዊ ጸብጻባት ንምርኣይ ኣብዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ሊንክታት ጠውቑ፡-

[ጸብጻብ ምክትታል ኣቦራ፡ ካብ 5 ጥሪ ክሳብ 1 ለካቲት 2026]

[ጸብጻብ ምክትታል ንዝረት፡ ካብ 5 ጥሪ ክሳብ 1 ለካቲት 2026:]

ጸብጻብ ምክትታል ብኽለት ድምጺ፡ ካብ 5 ጥሪ ክሳብ 1 ለካቲት 2026፡

ኤጀንሲ ድሕነት ጥዕና ዓባይ ብሪጣንያ (UK Health Security Agency፣ UKHSA) ስራሕ ኣብ ዝካየደሉ እዋን ኣብ ከባቢ ግረንፈል ታወር (Grenfell Tower) ኣብ ዝርከብ ከባቢ ጽሬት ኣየር ምግምጋምን ምክትታልን ክቐጽል እዩ። ጸብጻባቱ ወርሓዊ ይዝርግሕ። እዋናዊ ጸብጻብ ኣብዚ ክተንቡ ትኽእሉ ኢኹም፦
ድሕሪ ባርዕ ግምቢ ግረንፈል (Grenfell Tower) ስዒቡ ዝግበር ናይ ከባቢ ምክትታል - GOV.UK

## ናይ ጥዕናን ድሕነትን ደገፍ

ስምዒታውን ኣካላውን ናይ ድሕነትን ደገፍ ንሓዘንተኛታት ስድራቤታት፡ ብህይወት ንዝተረፉን ነበርቲ ናይቲ ቀረባ ማሕበረሰብን ኣብ ምሉእ እቲ ስራሕ ብጥንቃቐ ግምቢ ግረንፈል (Grenfell Tower) ንምውራድ ይቐጽል ኣሎ።

ምስ ዝኾነ ሰብ ኽትዘራረብ እንተ ደሊኻ፦

- ናብ ኣገልግሎት ድሕንነት ግረንፈል (Grenfell Wellbeing Service) ብ 020 8637 6279 ደውሉ። (ካብ ሰዓት 8 ንግሆ ክሳብ ሰዓት 8 ምሸት፣ በብመዓልቱ)
- ኣብ ህጹጽ እዋን ናብ ማእከላይን ሰሜናዊ ምዕራብ ለንደንን NHS ፋውንዴሽን (Central and North West London NHS Foundation Trust፣ CNWL) ንጽል ነጥቢ ምብጻሕ መስመር ምኽሪ ደውሉ፣ ብስልኪ ቁጽሪ:
  0800 0234 650 (ኣብ መዓልቲ 24 ሰዓታት፣ ኣብ ሰሙን ሸውዓተ መዓልታት ክፉት እዩ)።
- ኢመይል: grenfell.wellbeingservice@nhs.net
- ንዚያዳ ሓበሬታ ኣብዚ ተወከሱ: www.grenfellwellbeing.cnwl.nhs.uk

ብዛዕባ ዝርከቡ ኣገልግሎታት እዋናዊ ሓበሬታ ንምርካብ፣ ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ተወከሱ፡ www.grenfell.nhs.uk

## ከመይ ጌርካ ምሳና ትዛረብ ወይ ተወሳኺ ሓበሬታ ትረክብ

ሓበሬታ ንዓኹም ሓጋዚ ብዝኾነ መንገዲ ክነካፍል ንደሊ። ብቐጻሊ ስሩዕ ሓድሽ ሓበሬታ ኣብ ዝስዕብ ምክፋል ክንቅጽል ኢና፦ www.gov.uk/grenfell-community-updates

ብኽብረትኩም በዚ ኢሜል ግበሩልና፦ GrenfellTowerSite@communities.gov.uk ናብ:

- ንዓኻ ኣብ ዝምችእ ሰዓት፣ ዕለትን ቦታን ብውልቂ ወይ ብጉጅለ ክትዛረበና ምድላዋት ግበር።
- ብዛዕባ ነቲ ግምቢ ብጥንቃቐ ንምውራድ ዝስራሕ ስራሕ ዝኾነ ሕቶታት እንተልዩኩም ሕተቱና ወይ ስክፍታታትኩም ኣካፍሉና።
- ብዛዕባ ስሩዕ ኣኼባታትና ምስ ሓለፍትን DCUKን ዋና ኮንትራክተርናን ኣብቲ ስራሕ ክትዛተዩሉ እትኽእሉ መገዲ ፍለጡ።
- ስሩዕ ሓድሽ ሓበሬታና ብቐጥታ ብኢመይል ንክንስደልኩም ሕተቱና።
- እንተደሊኹም፣ ምሳኻትኩም ብኸመይ ከምእንረዳዳእን ከምእንዋሳእን ብዝምልከት ሓሳብኩም ኣካፍሉ። ርእይቶኹም ብሓጎስ ንቕበሎ።

ንእዋናዊ ሓበሬታታት ብዛዕባ ግረንፈል ታወር (Grenfell Tower)፡ ከምኡ’ውን ንናይ ኢመይል መፍለጢታት ንምምዝጋብ፡ ብኽብረትኩም ናብዚ ዝስዕብ ኪዱ፡ www.gov.uk/grenfell-community-updates ወይ ድማ ነቲ QR ኮድ ስካን ግበሩ።